# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.206 | ሰንበት 28 ሚያዝያ 2019 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ቁልዒ ተስፋ . . .



ገጽ 3
ሞይቱ ተባሂሉ ዝተቐብረ ክልቢ ናብ ዋናኡ ተመሊሱ

ገጽ 4
ሓይሊ መሃዝነት



ገጽ 6
ንፍሕሸውቲ' ዶ ፎኲስ!

ገጽ 7
መሲ ቅድሚ 20 ዓመት




## ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ፡ ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም



ዋና ጳጳሳት ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ፡ ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም።

ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ ኣብ ዝሃብዎ ቡራኬ፡ ኑቲ በዓል ብዘምልከት ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንምእመናን ክርስትና ድማ ብፍላይ - "እንቋዕ ንበዓለ ትንሳኤሉ ኣብቅዓና" ብምባል፡ ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ ኣብ መልእኽቶም፡ ከምዚ ዝበለ ዝዓበየ በዓል ኣብ እነብዕለሉ እዋን፡ ካብቲ ዘሎትና ንሽጉራት ኣሕዋትናን ጉረባብትናን ከተማቕል፡ ጠዋሪ ዝሰኣኑ ሓገዝና ንዘድልዮም ዓቕምና ክንደግፍ፡ ከምኡ'ውን ብፍቕሪ ክንመላለስ ኣቦታዊ ምኽሮም ለጊሶም።

ዋና ጳጳሳት ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ፡ ለሚዛመን ረኺብናዮ ዘሎና ሰላም ምሉእ ክኸውን ሰናይ ምንዮቶም ብምግላጽ፡ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከምኡ'ውን ንሓይልታት ምክልኻል "ርሑስ በዓል ትንሳኤ" ኢሎም።

## ዓሰብ - ንዕቃብ ባህላዊ ውርሻ ዝምልከት ዋዕላ ተኻዪዱ

ምምሕዳር ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ "ያታዊ ባህልና፡ መሰረት መንነትናን ህላወናን እዩ" ብዝብል ቴማ፡ ብ24ን 25ን ሚያዝያ - ንዕቃብ ባህላዊ ውርሻታት ዝሕግዝ ዋዕላ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪን ምብራቓዊ ግንባርን ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ሱልጣን ራሓይታ ዓብዱልቓድር ዳወድ፡ ሓለፍቲ ኣካላት መንግስቲ፡ ዓበይቲ ዓዲን ኣብ ባህሊ ዝጥፉ ግዱሳትን ዝተሳተፉሉ ናይ ዓሰብ ዋዕላ፡ ንረቒቕን ህገራውን ባህላዊ ውርሻታት ዝገልጽ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ፡ እቲ ዋዕላ - ኑቲ ገና ዘይተፈተሸ ሃብታም ያታዊ ባህልን ልምድን ንምብርባርን ናብ ተካእቲ ወለዶ ንምስግጋርን ዝሕግዝ ስጉምትታት ንምውሳድ ምዃኑ ገሊጻ፡ እቲ መደብ ብቐንዱ ኣብ ተራን ኣበርክቶን ሕብረተሰብ ስለዝምርኮሰ፡ ብወህደት ክሰራሓሉ ድማ ኣዘኻኺራ።

ኣብ'ቲ ዞባ፡ ኣብ ዕቃብ ኣግራብ፡ እንስሳ ዘገዳም፡ ቅርስታትን ምክልኻል ብኸላን ዘሎ ብኣብኡ ዝጥቀስ ባህሊ - ዚያዳ ክኹስኰሰን ክሰርጽን ብመጽናዕቲ ክድገፍ፡ ኣብ መደባት ትምህርቲ ኣትዩ ክሰራሓሉ፡ ኣገዳሲ ምዃኑ እውን ኣገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተራ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክዓዝዝ፡ መጽናዕታዊ መደባት ክሰፍሕ፡ ባህላዊ ማእከል ብደረጃ ዞባ ክኽፈት. . . ዝብሉ ውሳኔታት ሓሊፎም።

## ሰገነይቲ - 45 መንእሰያት ብስነ-ጥበባዊ ሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ዓቕሚ መንእሰያት ኣብ ስነ-ጥበብ ክብ ንምባል፡ ብጉቡሪ ዝተሰለየ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ብምኩራት ስነ-ጥበባውያን ን45 መንእሰያት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣዳልዋ ጽሑፍ፡ ፊልም፡ ድራማ፡ ትልሂትን መዚቃን ዘጠቓለለ ምንባሩ ወኪል ኢሬና ሓቢሩ።

ብ19 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምዝዛም፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ምሕረትኣብ ዓንደማርያም፡ እቶም መንእሰያት ዕቑር ስነ-ጥበባዊ ዝንባለኦም ብፍልጠት ኣሰንዮም፡ ኣብ ምብርባር ባህላውን ስነ-ጥበባውን ስራሓት እጃሞም ክበርክቱ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉብሩ ድማ፡ መንእሰያት ኣብ'ቲ ዓውዲ ዘለዎም ኣፍልጦ ብምብራኽ፡ ኣብ መበቈላዊ ባህሊ ዝተሰረተ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ኣብ ምስኣን ክጥፉ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።



ስ/ ፈልሞን ትካቦ

# ርሑስ በዓል ፋሲካ!

# ካ ብዝን ብትን

ስራጅ መሓመድ

## ፕረዚደንት ላይበሪያ ካብ ኣትማን ብምስጋእ ቤት - ጽሕፈቱ ገዲፉ

ናይ ቅድም ወሩይ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ፡ ፕረዚደንት ላይበሪያ ጆርጅ ዊያ፡ ካብ መንበሲቲ ተመን ብምስጋእ ቤት-ጽሕፈቱ ገዲፉ ኣብ ገዝኡ ክሰርሕ ቀንዩ። እቲ ፕረዚደንት ቤት ጽሕፈቱ ክገድፍ ዝተገደደ፡ ኣብ ቤት-መንግስቲ እታ ሃገር ሓደሽታት ኣትማን ስለዝተራእዩ ምኻኑ ማዕከን ዜና ሾላይ ነውስ ሓቢሩ።



ብዘይካዚ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ላይበሪያ ዝሰርሑ ኣካላት ሰበ ስልጣን'ታ ሃገር'ውን ድሕሪት ናይቲ ዝሰርሑሉ ኣካቢ ክሳብ ዝረጋገጽ ኣብያተ ጽሕፈቶም ከይኣትዉ ከም እተሓበሮም ተፈሊጡ። ብሰንኪ'ቶም ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ሓደሽታት ኣትማን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ሓደ ካልእ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ተዓጽዩ ነይሩ።

ፕረሲደንት ጆርጅ ዊያ ኣብ ከም ፓሪስ ሳን ጀርመን፣ ሚላን፣ ቸልሲን ማንቸስተር ሲትን ዝኣመሰሉ ወሩያት ክለባት ዓለም ዝጻወተ ዝነበረ ኮይኑ፣ ኣብ 1995 ድማ ዝበለጸ ተጻዋታይ ተባሂሉ ብፊፋ ተመሪጹ ነይሩ። ብድሕሪዚ ካብ ስፖርት ዓለም ብምውጻእ ካብ 2018 ኣትሒዙ መራሒ ላይበሪያ ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ።

## ኬንያ - ኣብ እዋን ግጥም ኩዕሶ እግሪ መደበር ፖሊስ ተሰሪቑ

ኣብ ምዕራብ ኬንያ ናንዲ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ኣብ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ብርክት ዝበሉ ኣጽዋርን ጠያይትን ተዘሚቱ። እቲ ስርቂ ዘጋጠመ፡ ኣባላት ፖሊስ ናይቲ መደበር፡ ዝሓለፈ እዋን ኣብ መንጎ ባርሰሎናን ማንቸስተር ዩናይትድን ዝተገብረ ዝነበረ ጸወታ ንምዕዛብ ብምኻዶም እዩ።

ብዘይካዚ ኣብቲ ዕለት ግጥም ጁቬንቱስን ኣያክስን ይግበር ብምንባሩ፡ እቶም ፖሊስ ስርሖም ረሲዖም ብምሉኦም ነቲ ጸወታ ክርእዩ ከምዝኸዱ ተፈሊጡ። ወዮም ሰረቕቲ ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም መኻዚን ሰይርም ብምእታው ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ብርክት ዝበለ ኣጽዋርን ጠያይትን ከምዝወሰዱ መራኸቢ ብዙሃን ኬንያ ሓቢረን። ፖሊስ ድማ ነቲ ጉዳይ የጻርዮ ኣሎ።

ግጥም ኩዕሶ ክለባት ኤውሮጳ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዎ ተፈታውነት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ። ዝተፈላለየ ዕድመ ዘለዎም ሰባት ብዝሰዕቦም በዘእዋሩ ዝፍጸሙ ግጥማት ክዕለሉ ምስማዕ ድማ ልሙድ ኮይኑ'ሎ። እንተኾነ ግጥም ኩዕሶ ንምዕዛብ መደበር ፖሊስ ዝኣክል ብዘይ ሓለዋ ተገዲፉ ንስርቂ ክቃላዕ እዚ ናይ ኬንያ ናይ ፈለማ ፍጻመ ከይከውን ኣይተርፍን'ዩ።




## ካብ ኣበሃህላታት ተጠመትቲ ሰባት

- ገንዘብ ዘድልየካ ማሰልካ ስራሕ፣ ብፍቕሪ ዘይተጉናእካ ማሰልካ ኣፍቅር፣ ሰብ ከምዘይረኣየካ ማሰልካ ድማ ሳዕስዕ። (ማርክ ትዌይን)
- ጽልኢ ንሓሕ (ንፍሲ) ካብ ዘሰንዉ ኣሰያት ሓደ'ዩ። እዚ ኣሰድ እዚ ግን ነብሰ ምጽላእ ይኹን ጽልኢ ካልእ ሰብ ዘይፈሊ ምኻኑ'ዩ። (ኤሪክ ማሪያ)
- ሕሶማቅ ንዝሓሰበ (ፐሲሚስት) ኣብ ኩሉ ዕድላት ጸገም ክረኣዩ ከሎ፣ ጸቡቕ ንዝሓሰበ (ኦፕቲሚስቲክ) ድማ ኣብ ኩሉ ጸገም ተስፋ ይረኣዮ። (ዊንስተን ቸርችል)
- ንፍርሂ ምኽባር መፈለምታ ልቦና'ዩ። (በርትራንድ ራስል)
- ዓለም ክሃንቀሃቕስ እንድሕር ደሊና ፈለማ ነብስና ክሃንቀሃቕስ ኣሎና። (ሶቅራጥስ)
- ጅግኑ ኣብ ቦታ ማሰልጠኒ ዘይኮነ፣ ኣብ ወሽጦም ካብ ዘሎ ድሌት፣ ራእይን ሕልምን ብምብጋሰዮም ዝፈጠሩ። (መሓመድ ዓሊ ክለይ)
- ሂወት ንሰባት ዘለካ ጸቡቕ ድሌት ንምግላጽ ካብ እትወስዶ ግዜ ትሓጽር። (ዊል ስሚዝ)
- ዕንቅፋት ካብቲ ክትሃርሞ ዘደለካ ዕላማ ምስ እትእለ እትርእዮ ነገር'ዩ። (ሄንሪ ፎርድ)
- ካብይ መጺእካ ዘይኮነ፣ ናበይ ትኸይድ ኣለኻ'ዩ ዘገድስ። (ብሪያን ተርሲ)
- ሕብረተሰብና ብዒይኑ ዘይርኣ ብእዝኑ'ዩ ዝርኢ። (ጂብራን ኻሊል ጂብራን)

## ሞይቱ ተባሂሉ ዝተቐብረ ከልቢ ናብ ዋናኡ ተመሊሱ




ኣብ ምብራቕ ሩሲያ ዞባ ብሪሞሪስኪ፡ ሞይቱ ተባሂሉ ዝተቐብረ ከልቢ፡ ድሕሪ ቊሩብ እዋን ናብ ዋናኡ ከም እተመልሰ ጋዜጣ ደይሊ መይል ሓቢራ። ነቲ ከልቢ ዝረኣየት ዋናኡ ሰምባደን ሓጎስን'ዩ ተሓዋዊሰዋ። እታ መንእሰይ ባዕላ ስለዝቐበረቶ፡ በቲ ዝረኣየቶ ክትኣምን ኣይከኣለትን።

ንሳ እቲ ከልቢ ሃለዋቱ ምስ ኣጥፈአ ከምዝቐበረቶ እያ ትዛረብ። እንተኾነ እቲ ጉድጓድ ዓሚቕ ብዘይምንባሩ ምስ ተበራበረ ካብኡ ክወጽእ ኣየጸገሞን። ነብሱ ሓመድ ተኸዲኑ ክኸይድ ዝረኣዩዎ ሓለፍቲ መንገዲ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ መዕቆቢ እንስሳታት እዮም ኣብጺሖሞ።

ሰራሕተኛታት ናይቲ መዕቆቢ እንስሳ፡ ስእሊ ናይቲ ከልቢ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ድሕሪ ምዝርጋሖም፣ ፈለማ ዋናኡ ክትኣምን ኣይከኣለትን። እቲ ከልቢ ዝፍለየሉ ምልክታት ምስ ረኣየት ግን ክትኣምን ተገዲዳ። ነቲ ከልቢ ሃለዋቱ ብምጥፋእ ክሳብ ዝቐበር ዝገበሮ ጸገም እንታይ ምኻኑ ዛጊት ኣይተፈልጠን።

## መንገዲ ኣየር ብሪጣንያ ንገያሾ ዘይብቑዕ ሳንድዊች ኣቕሪቡ ተባሂሉ



ናይ ዝተፈላለየ ሃገራት መንገዲ ኣየር ንገያሾ ዘቕርብኦ መግቢ ብወገን ተሳፈርቲ ዝተፈላለየ ርእይቶ ክወሃበሉ ንሰምዕ ኢና። ነቲ ኣብ ነፋሪት ዝወሃብ መግቢ ገለ ዘይምቡብ ኣይናዮን ክብሉ ከለዉ፣ ካልኦት ድማ ብቑዕ ከምዘይኮነ ይዛረቡ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መንገዲ ኣየር ብሪጣንያ ንተሳፈርቲ ዘዳለዎ ሳንድዊች ድማ ብተገልገልቲ ካብ ዝተነቐፉ ዓይነት መግቢ ሓደ'ዩ።

ሓንቲ ጆ ሃንደርሰን ዝተባህለት ተገልጋሊት ነቲ ኣብ ነፋሪት መንገዲ ኣየር ብሪጣንያ ዝቐረበላ ሳንድዊች ስእሊ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝዘርገሐቶ ቪድዮ ንብዙሓት ሰባት'ዩ ኣዛሪቡ። እቲ ሳንድዊች ከም እንጀራ ዝቐረበ ኮሚደረን ማይ ነዩዘን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ትሕዝቶ ዘይሓዘ ብምኻኑ ከኣ ብብዙሓት'ዩ ተነቒፉ።

ንሳ በቲ ካብ ለንደን ንኒውዮርክ እናተጓዕዘት ከላ ዝቐረበላ ሰማዊ ሳንድዊች ኣዝያ ከምዝሰንበደት'ያ ትዛረብ። ኣፈኛ መንገዲ ኣየር ብሪጣንያ ብወገና እቲ መንገዲ ኣየር ንምምዋል ዘቕርቦ መግቢ ብቑዕ'ዩ ዝብል እምነት'ኳ እንተሃለዎ፣ ምናልባት ግን ዝጥቀመሉ ዘሎ መስኮቢ ትሕዝቲ ትጻበት ዓማዊል ክኸውን ከምዝኽእል ብምምልካት ይቕረታ ሓቲታ።

## ኦስትሪያዊ ገበነኛ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ንፖሊስ ኢዱ ሂቡ

ኣብ ኦስትሪያ፡ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ኣምሊጡ ዝጸንሐ ገበነኛ፡ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ንፖሊስ ኢዱ ከምዝሃበ ኣገልግሎት ዜና ኣሶሺይትድ ፕረስ ሓቢሩ። እቲ ኣብዚ እዋን ወዲ 64 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ሰብኣይ፡ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ድሕሪ ምህዳሙ ኣብ ደሴታት ካናሪ ተሓቢኡ ከምዝጸንሐ ተፈሊጡ።

ንሱ ኣብ ጀርመን ከተማ ሚዩኒኽ'ዩ ተኣሲሩ ነይሩ። ሳልዝቦርግ ናብ እትበሃል ዓዱ ድሕሪ ምምላሱ ድማ፡ ንፖሊስ ኢዱ ሂቡ። እቲ ኦስትሪያዊ ንኸንድ'ዚ ዓመታት ዝኣክል ኣብተን ደሴታት ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ብኸመይ ክነብር ከምዝጸንሐ ዛጊት ዝተመሓላለሰ ሓበሬታ የለን።

## ሓካይም ህንዲ፡ ካብ ከብዲ መንእሰይ ከረጺት መሳሊ ሕበጥ ኣውጺኦም

ኣብ ህንዲ ዞባ በንጋል ሓንቲ መንእሰይ ሃንደበት ከብዳ ብምቕንዛው መጕሓሒት ምስ ገበረት ንሆስፒታል ትኸይድ። ሓካይም ድሕሪ ዝገበሩላ መርመራ ኣብ ከብዳ 33 ፓውንድ ዝምዝን ከረጺት መሳሊ ሕበጥ ከምዘሎ ይነግሩ። ብኡ ንብኡ መጥባሕቲ ብምግባር ድማ እቲ ከረጺት ካብ ከብዳ ከምዘወጽእ ተገይሩ።

እታ ጓል 16 ዓመት መንእሰይ ጠንቂ ናይቲ ዘጋጠማ ሕበጥ እንታይ ምኻኑ ኣይተፈልጠን። ምናልባት ግን ኣብ ኣካላት መፍረ ዝርኣ ምምሳእ ፈሳሲ ዝሰዓቦ ክኸውን ከምዝኽእል ማዕከን ዜና ፎክስ ነውስ ንሓካይም ብምጥቃስ ሓቢሩ። ድሕሪቲ ዝተገብረላ መጥባሕቲ እታ መንእሰይ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ትርከብ።

## ካብ ነፋሪት ኲናት እትቕልጥፍ ማኪና ተሰሪሓ

በነፋሪና ባቲሪታ ዝተባህለ ኩባንያ ኣመሪካ ኤፍ-16 ካብ እትባሃል ነፈርቲ ኲናት እትቕልጥፍ ማኪና ከምዝሰርሐ ኣፍሊጡ። እታ ብኤሌትሪክ እትሰርሕ ማኪና ኣብ ኒውዮርክ ንምርኢት ዝቐረበት ክትከውን ከላ፣ ኣብ ሓደ ካልኢት ኣስታት 48 ኪሎ ሜተር ክትሕምብብ ትኽእል።

ነዛ ኣዝያ ዘመናዊትን ድልድልትን ማኪና ከፍሪ ጀሚሩ ዘሎ ኩባንያ ባቲሪታ ከም መፈለሚ 150 መኪናት ጥራይ ክሰርሕ እዩ። ካብዚኣን እተን 50 ኣብ ኣመሪካ፣ ካልኦት 50 ድማ ንኤውሮጳን ኤሲያን ክሰላኣኻ ምኻኑ እቲ ኩባንያ ገሊጹ። ኣብ 2020 ከኣ ኣብ ዕዳጋ ብምቕራብ ብወግዒ ክሸየጣ እያ።

ገለ ካብ ብልጫታት እዛ መኪና ብኤሌትሪክ ስለዝሰርሓ፡ ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ምንም ጉድኣት ዘየውርድ ምኻና እዩ። ዝጥቀመሉ ባትሪ 40 ደቒቕ ኣብ ዘይከውን ግዜ ዝመልእ ኮይኑ፣ 1900 ሓይሊ ፈረስ (1400 ኪሎዋት) ጉልበት ድማ ኣለዋ።

## ብጌጋ ንዘይድግፎ ሰልፊ ዘድመጸ ህንዳዊ ኣጻብዑ ይቖርጽ

ኣብ ህንዲ ከተማ ብላንድሸህር ዝነበር ዜጋ'ታ ሃገር ብጌጋ ንዘይድግፎ ሰልፊ ደምጺ ብምሃቡ ተቖጢዑ ኣጻብዑ ከምዝቖረጸ ኣህጉር ኤሲያ ዝተባህለ ኣገልግሎት ዜና ሓቢሩ። እቲ ባዋን ኩማር ዝተባህለ ህንዳዊ ኣብ ካልኣይ ዙር ሓፈሻዊ ምርጫ ባይቶ'ዩ ብጌጋ ንዘይድግፎ ሰልፊ ኣድሚጹ።

ንሱ ደምጹ ድሕሪ ምሃቡ'ዩ ናይ ምርጫ ወረቐቱ ብጌጋ ኣብ ካልእ ሳንዱቕ ከምዝኣተወ ተረዲኡዎ። እንተኾነ መረጽቲ ደምጾም ምስ ሃቡ ኣብ ኣጻብዖም ብቐለሉ ዘይድምሰስ ቀለም ስለዝግበረሎም ምንም ክገብር ኣይከኣለን። ስምዒቱ ክቆጻጸር ስለዘይከኣለ ግን ነቲ ዘሰዶም ተግባር ፈጺሙ። ባዋን ኩማር ኣጻብዑ እናቖረጸ ዝርኢ ቪድዮ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ድሕሪ ምዝርጋሑ መዛረቢ ሰባት ኮይኑ'ዩ ቀንዩ።

# ሓይሊ መሃዝነት

**ጆሜ/ደጀን ተኽለ**

መሃዝነት ኪኖ ሓድሽ ሓሳባት ምፍጣር፡ ንነገራት ብሓድሽ መንፈስ ኣመላኻኽታ ምዕዛብ ማለት እዩ። ነገራት ምስ ተዛመዱ ንዘይፈልጥ ከተዛምድ ምኽኣል'ውን መሃዝነት እዩ። ኣርተር ማስተር ዝተባህለ ጸሓፊ፡ ንመሃዝነት "ክልተ ዝተፈላለዩ ሓቅታት ኣጣምሮኻ፡ ሓዱ ሓሳብ ምፍጣር እዩ" ብምባል ይገልጾ።

ብምሕሳቡ፡ ካብቲ ከበድን ዘይምሕርን ዝመስል ጸገም፡ ሳላ ረቂቓን በሊሕን ናይ ምሕሳብን ምምሃዝን ክእለቶም፡ ብዮሜላ ክወጹን ኣብ ግዜ ጸገም ከይተረፈ ዓወት ክጐናጸፉን ዝረኣዩ። እዚ ዘርኢና እንተሎ፡ 'ዘዘራእናዮ ንዓጽድ' ምኳኑ እዩ።

ናይዚ ግሩም ኣብነት ዝኾኑ፡ ናይ ሓደ ብዙሓት መጓሰ ዝነበሮ ሰብኣይ ዛንታ ኣልና መፍትሒ። ዝኾነ ሓሳብ ክፍኖ እንተኽኢልና፡ ኑቲ ዝወረደና ሰዓርና ናብ ጸቡቕና ክንቅይሮ ከም ዘይገድድ እዩ ዘጸረልና።

ፍረ ዘዕቦና ዓወት እንተኾይኑ፡ ምጭናቕ ዘይናላ ካብቶም ንሽይንዕወት ዝዓግቱና ዘለዉ ሓሳባትን መገደታትን ምእራም እዩ ፈውሱ። መሃዝን ተበላሓትን ብምዃኑ



ሰባት፡ ኑቲ ዝበልናዮ ዘገልጸና ንኹሉ ነገር ከም ወህብ ብምውሳድ፡ ተበላሕነትን መሃዝነትን ኣጥፊእና ክንክይድ ዝደርኸና ነገራት ግና፡ እንታይ እዮም? ስለምንታይ ኢና'ኸ ኣብ ውሽጥና ንዘሎ ሓይሊ ክንጥቀመሉን ክንረብሓሉን ተበጊስና ዘይንፈልጥ? ዝብሉን ካልኦትን ናይ መሃዝነት ዓቕምና ሓሂቓም ሐዛምዎ ካብ ዘለዉ ማሕለኻታት ንምውጻእ፡ እንታይ ተበግሶ ንወስድ ሓሲብናሉ ንፈልጥዶ? ኣብ ውሽጥና ዘሎ ጸዓት ናብ ረብሓና ንምቕያር ምስ ውሽጥና ዘቲና ንፈልጥዶ? ማዕበላዊ ሓይሊ መሃዝነትና ንዘሰላስሎም ሓሳባት፡ ናብ ተግባር ንምቕያር ዘለና ድልውነትከ ከመይ ይመስል?

እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ዘይመሃዝነት፡ ብውሱንን ዘይቅየርን ሓሳባት ንኣእምሮና ኣብ ማሕዩር ምእታው (concept prison) ምዃኑ ክኢላታት ይሰማምዑ። ብዙሓት ሰባት ንነገራት ብሞገዶ ተዓዚቦም ጥራይ ከቢድ ወይ እውን ረቡሓ የብሉን ብምባል ንዝበለጹም ሓሳባት የናቕሱዎም። ምስ ዓቕሞም እናሃለዉ ከኣ ኣብ ህይወት ብሓደ መንገዲ ጥራይ ይጉዓዙ። እዚ ዓይነት ኣካይዳ ከይተፈለጠካ ትለምዶ እሞ፡ ከተፍሪ እናኻኣልካ ገለ ከየፍረኻ ግዜኻን ጉልበትካን ኣብ ግዚያውን ዕምሪ ዘይብሉ ነገራትን ይጠፍእ። ገለ ድማ፡ ክንገብር እናኸኣልናን ምስ ብልሕና እንዝከሰና፡ ጸገሕ የርክበሉ እናበልና ዘጠለናዮም ብርቂ ሓሳባት ኣብ ኣደባባይ በዚኻና ብዘይ ፍረ ንወፅእ። ብዙሓት እውን ኣለው፡ ኣብ ግዜ ጸገም ህድእ ኢሎም

ኣሎ። ንሱ ኣብቲ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ዓዲ ብርቱዕ ጥሜት ይኣቱ'ሞ ጥሪቱ ብብሓደ ክሞታ ይጅምራ። ወየ ማስተውዓሊ ሰብኣይ ግና፡ ተቐላጢፉ ኩለን ጥሪቱ ክሕረዳ ይእዝዝ። እቶም መዛኑኡ ሰብ ብዙሓት ከብቲ ግን "ትጋገ ኣለኻ፡ ዓቕሊ ግበር። እዚ እዋን ሓላፊ እዩ" ብምባል መድሓኒ ኑቢሲ ዝኾነውን ሃሰው ክብለለን መዓዱዎ። ንሱ ግን ክሰምዖም ፍቓደኛ ኣይነበረን። 'ክሳብ ዝሓልቃ ኣይጸበን' ኢሉ ዝሓሰቦ ፈጸመ። ኑቲ ካብ ዝተሓርዳ ከብቱ ዝኣከቦ ቀርበት ሐዙ ድማ ንኸተማ ኣተወ። ኑቲ ሐዙዎ ዝመጸ ቀርበት ሸይጡ ከኣ ብዙሕ እቶት ረኸበ። እዚ ሓሳባት እዚ ግን ብሃንደበት ዝረኸቦ ኣይነበረን። ኣውራዱ ኣደይቡ ስለዝሓሰበሉ እዩ። ኣብቲ ናይ ደርቂ እዋን ጥሪት ክህልዋ እንተዘይክኣለን ቀርበት ክህሉ ከም ዝኽእሉ ስለዝሓሰበ እዩ - ኑቲ ስጉምቲ ወሲዱዎ።

ስለ'ዚ ናብ ፋብሪካታት ብምኻድ፡ ካብቲ ኩቡቱ ብህይወተን እንከለዋ ዘውጽኣኦ ዋጋ ቀርበተን ዕጽፊ ዋጋ ኣውጽኣሉ። ክበላሓት ብምፍታኑ ተዓዊቱ። እቶም ክበላሓቱ ዘይክኣሉ ደቂ ዓዱ ግና ከብቶም ጸኒተን ኣደዳ ክሳራ ደኣ ኮኑ። ኣእምሮኻ መቐሕኻ ንቐሊል ግድል ፍታሕ ምስኣኑ፡ ምስ ምብጻሕን ባህርያዊ ጸጋ እዩ ዝጽበዩ። ካብዚ ንማሮ እንተሎ ድማ፡ በርቃውያን ሓሳባትና ካብ ዘለናዮ ጸገም መዘሐቕም ብምውጻእ፡ ዓወት ኣብ እንጐናጸፈሉ መድረኽ ከብጽሑና ከም ዝኽእሉ የብርሃልና። ብተወሳኺ እውን ኣብ ግዜ ጸገም ዓቕሊ ከጽብብ ዘይኽእ ህድእ

ኣብ ኣእምሮና ዘለዉ ዓብለልቲ ግን ከኣ ኣዕዛውቲ ሓሳባት ክኸብትተም ይግበኣና። ስለ'ዚ፡ ብኸፉት ኣእምሮ ናይ ኣተሓሳስባ ናጽነት ብምትእትታው፡ ፍሉያት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብሉጻት ሓሳባት ነፈልፍል። ኣብ'ዚ ግን - ብኸመይ ኢና'ኸ መሃዛቲ ክንከውን እንኽእል? ዝብል ዝፍ ሕቶ ክልዓል ባህርያዊ እዩ።

እቲ ቀዳማይ ዝመጽእ፡ ኣተሓሳስባና ብእወታውያን ሓሳባት ምምላእን ብነገራት ምግራምን ከም'ኡ'ውን ኣብ ነገራት ዘለና ኣመለኻኽታ ምዕባይ ገለ ካብቶም ንመሃዝነትና ዘዕብዩ ምኳናም ሰብ ሞያ ይመኽሩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጉዕዞና ናይ ምስትብሃል ዓቕምና ብምሕያል ኣብ ከባቢና ዘለዉ ነገራት ብደቂቕ ንከታተል። ክንምህዞ ነዊሕ ምጉዓዝ ኣየድልየናን። ካብቲ ረጊጽናዮ ዘሎና፡ ኩፍ ኢልናዮ፡ እንሰርሓሉ ዘሎና. . . ቦታ ክጅምር ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ኮይነ ደኣ እንታይ ክገብር? ዝብል ኣሉታዊ ሓሳብ ካብና ፈጺምና ነርሕቆ። መሃዝነት ፈጺሙ ቦታ ኣይሓትትን እዩ። ብልክዕ ዘለኻዮ ቦታ፡ ኑቶም ዝሓሰብካዮም ነገራት ዘይቀርብ ከባቢ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን ፈጺሙ ከም ሓሳብ ክሕሰብ የብሉን።

እዛም ሎሚ ኣብ መዓላ ውዒሎም ዘለዉ ጸጋታት፡ ካብ ባዶ ዝተበገሱ ምዃኖም እመን። እኳ ደኣ ሎሚ፡ ሳላ ቴክኖሎጂ ዝያዳ ሓገዝቲ ንሓሳባትካ ዘማዕብሉ ነገራትን ብቐሊሉ ክትረኽብ ዘሎ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ።

"ማሃዚ ፈታሒ ሽግራት እዩም" ዝብል ሓቀኛ ብሂል ኣሎ። እዚ ዘራጉድ ድማ፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ሓርኮትኮትን ተበላሓትነትን መሃዛቲ፡ ኣኸብራ ወዲ-ሰብ ክቐልልን ኣጠቓቕማ ግዚኡ ክመሓየሽን ክኢሉ እዩ። ኣብዛ እንነብረላ ዘለና ምድሪ፡ ጥቡብ መሃዛቲ ካብ ካልኢት ናብ ካልኢት እናተመሓየሸን እናረቐቐን ዝመጽኡ ዘለዉ መዋእል ኢና ዘለና። ኣብዚ ድማ እዩ፡ ሰባት ንኹብስና ምሕታት ዘድልየና። ክሳብ መዓስ ኢና ከምዚ ዘለናዮ ኴንና ክንጉዓዝ? እቲ መድረኽ ሕጂ እዩ። ብዙዕባ ትማሊ ዝሓለፈ ግዜና ምጥዓስ ኣየድልየናን እዩ። ካብዛ ዘለናያ ካልኢት እንተተበጊስና ሓደ ምዕራፍ ከፊትና ኣለና ማለት እዩ። ስለ'ዚ፡ ብዝሓለፈ ግዜ ምስቀርቋር ገዲፍና፡ እዚ ሕጂ ኣብ ኢድና ዘሎ ግዜ፡ ናብ ፍርያምነትን ምሃዝነትን ንምውዓሉ ምብጋስ የድሊ። እዛ ሎሚ ንበገሳ ጽባሕ ናብ ፍረ ትልወጥ ክሳብ ዝኾነት፡ ዋላ ነታ ዝደቀቐት ካልኢት ኣብ መዓላ ንምውዓል እጅግና ሰብሰብ ይኹን።

መጀመርታ ክበርሃልና ዘለዎ ነገር እንተደኣ ኣሎ፡ ኣብዛ ዓለም 'ዘይተገብረ'ምበር፡ ዘይተገብረ ከም ዘየለ' ምስትብሃል ክድልየና እዩ። ስለዚ፡ ኣእምሮ ወዲ-ሰብ ዘደለዮ ክምህዝ ከም ዝኽእል ርሑቕ ከይከድና ኣብ ከባቢናን ጃብናን ዘለዉ ነገራት ብምዕዛብ ክንኣምን ንኽእል ኢና። እዞም ሎሚ ኣብ መዓላ ነውዕሎም ዘለና ነገራት ከማና ሰባት ዝመሃዙዎም ምዃኖም ምእማን። እቲ ፍልልይ ግን፡ ኣብ ሓይሊ ሓሳባትና'ዩ ዘሎ። ንሕና ብዛዕባ ካልኦት ከክዕልል ሓይሊ ኣተሓሳስባና ክንደፍን ከለና፡ እቶም መሃዛቲ ግን ብሓይሊ ኣተሓሳስባኦም ንዓለምን ኣኸብራናን ዝቐይሩን ዘመቅሩን ነገራት ክምህዙ ሓሳባቶም ክስሕሉን ኑብሮም ከማዕብሉን ኣብ ቀጻሊ ስራሕ ምስ ተጸምዱ እዮም። ጉዕዞኦም ንዘሰናኽሉ ነገራት ብመረረ ዘይኮነ ንዘለዎም ብልሒ - ብልሒ ብምውሳኽ ዝያዳ ናይ ምትዕጽጻፍ ክእለቶም ብምሕያል ኑቲ ኩነት ይሰግሩዎ። በቲ ዘይሕለል ሓይሊ መሃዝነቶም ድማ ንዓለም ግርማን ጽባቐን ይውስኹላ። ንኣኸብራና ድማ የቕልሉዎ።

# መንገዲ ዓወት መን ይመርሓና?

ዕወታት ዝጥቀሙሉ መንገዲ ሓደን ዘይጽዓድን እዩ። ካብ ዋላ ሓንቲ ከይሓለፉ ክዕወቱ ዓበይቲ ነገራት ሓሊኖም ክወድቁ ይመርጹ። ሓደ መደብ ድሕሪ ምስርዖም ኣብ ኣእምሮኦም ብተደጋጋሚ ይቐርጹዎ። ሕልሞም ደጋጊሞም ኣብ ዝቐርጹሉ እዋን ድማ፡ ንጸረ ሰኣሊ ናይቲ ዕላማኦም ብቐሊል መንገዲ ክበጽሖም ዝኽእል ብልሕን ጥቡብን ከጥርዩን ጥንካረኦም ብምሕያል ጉዕዞም ብሓያል ናህሪ ንምቕጻል ምስ ውሽጦም ውዕል ይኣትዉ። "ደቂ-ሰባት ዓወታት ንኸይጐናጸፉ ሰለስተ ነገራት ይዓግቱዎም" ይብሉ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ።

እቲ ቀዳማይ፡ ንቕሓት ዘይምህላው እዩ። ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ምውጻእ መደባት ግዲ ኣይገብሩን እዮም። ህይወት ንቕድሚኦም፡ ብጠዘመጻሎም፡ ከከም ዝሰለጦም ስለዝመርሑዋ ድማ፡ ኪኖ ናብ ስራሕ ምኻድን ዝተዋህቦም ስራሕ ምስራሕን ዝሓስቡዎ ነገር ኣይህልዉን። ስለ'ዚ፡ መደብ ብምስራዕ ናብዮ ክትበጽሕ ከም እትደሊ? እንተደኣ ፈሊጥካ ግና፡ ዝዓበየ ዓወት ንኽትጐናጸፍ ዝሰፍሐ ዕድል ኣለካ ማለት'ዩ።

እቲ ካልኣይ ጸገም ዘይምርዳእ'ዩ። ብዙሓት ሰባት፡ ዲሲፕሊን ምስ ምስራዕ መደባት ይሓናፍጹዎም። ዲሲፕሊን፡ ደወል ሰዓትካ ሰዓት 5:00 ንግሆ እንተደኣ መሊኢኺዮ፡ ክትደውል እንከሉ፡ ኑብሰኻ ካብ ዓራት ክትኣልያ ምኽኣል'ዩ። ምስራዕ መደብ ግና፡ ንምንታይ ሰዓትካ ሰዓት 5:00 ቅ.ቀትሪ ክትደውል ኣስተኻኺልካያ ምርዳእ እዩ።

ሕጽረት ልቦና እቲ ሳልሳይ ጸገም ኣብ መንገዲ ዓወት እዩ። ብዙሓት ሰባት ዝበዝሐ ግዜኦም ወጥረት ኣብ ዘህድእ ወይ ዘጥፍእ ንጥፈታት ተጸሚዶም የሕልፉዎ። እቲ ክኸውን ዝዀብኦ ግና፡ ናብ ዕላማኻ ናብ ዘብጽሑ ንጥፈታት ዝያዳ ግዜ ምጥፋእ'ዩ ክኸውን ዝዀብኦ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሰባት ግዜኦም ኣብቲ ብቐሊል ዘውሕዝ ንጥፈታት፡ ጸቡቕ ስምዒት ዝፈጥረሎም ከም'ኡ'ውን ኣብ ሽግር ኣብ ዘየእትዎም ንጥፈታት ይጽመዱ። ኣዘዮም ውሑዳት ሰባት ህይወቶም ብልቦና ይቕልሱን ንንጥፈታቶም ይመራመሩሉን። ኣሰልጠኒ ብቕዓትን ክኢላ ካራተን ሳርሰን - "ነፍሲ-ወከፍ ምርጫ ናብ ዕላማኻ የቕርበካ ወይ እውን የርሕቐካ" ይብል። ሎሚ እንወስዶ ምርጫ ንህይወትና ናበይ ይመርሕ? ዝብል ሕቶ ብዓቢኡ መሊስና ክንጉዓዝ እምበኣር፡ ግድን ይኸውን - ዕላማ ጉዕዞና ከይንስሕቶ።

ጉዕዞ ህይወትና ዕወት ንምምባር እንታይ መደባት ክንሰርዕ ወይ ክንሕንጽጽ ኣለና? ብምባል ዳህሳስ ክንካይድ ኣሎና። ብዛዕባ እቲ ምስ ወደቕና ክስዕበና ዝኽእል ወቐሳ ክጨንቐና የብሉን። እዛም ሎሚ ኣብ ኣገልግሎት ወዒሎም ዘለዉ ነገራት፡ መሃዝቶም ንዓወት ብምምዕዳውን ብዘወርዶም ዝበረ ወቐሳ ተሰኪፎም ከይቆረጹ ብምስራሖም እዮም ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሖም። ስለ'ዚ፡ መደባት ሓንጺጽና ኣኣብ ግዚኦም እናተግበርናን ንጉዕዞና እናገምገምናን ንጉዓዝ። ንዕላማና ብተደጋጋሚ ኣብ ኣእምሮና ንቕረጾ። ሕልምና ብተደጋጋሚ ንርእዮ እንተደኣ ኴንና፡ ዝጸረ ሕልሚ ይህልወና። ኑቲ እንደልዮ ዓወት ድማ ብዘቐለለ መንገዲ ንበጽሖ። ዕወታት ዝጥቀሙሉ መንገዲ እዚ እዩ። ካብ ዋላ ሓንቲ ነገር ከይሓለፉ - ዓበይቲ ነገራት ሓሊኖም ክዕወቱ ይመርጹ።







# ሰንበት  ቈልዑ



መም. ዮናስ ሃብተ

## መምህር ጸሃይነሽ

መምህር ጸሃይነሽ ኣዝየን ፍትውቲ ናይ ስነ-ፍልጠት መምህር እየን። ሓደ ግዜ ብዛዕባ ኣገባብ ኣጸራርያ ማይ ክምህራ ጸንሓ እሞ፡ ነቲ ስነ-ፍልጠታዊ ትምህርቲ ክምህራሉ ዝጸንሓ መሳለጥያ ምህሮ ተጠቒመን ከምቲ ልሙድ ናብቲ ቁም-ነገራዊ ማዕደኣን ኣተዋ።

“ፍትዋት ተማሃሮ. . . ! ነዚ ኣብዚ ጣውላ ዘሎ ገፊሕ ኣፉ ጥርሙዝ፡ ደቀቕቲ ኣእማን፡ ጆያን ድኹም ሓመድን ምሽ ትርእይዎ ኣለኹም ሓቀይ!?” በለኦም ንኹሉ ኣብቲ ጣውላ ዝነበረ መሳለጥያ ምህሮ ኣስማቱ እናሰመያን በብሓደ ኣልዒለን እናኣርኣየኦምን። ኢቶም ተማሃሮ’ውን፡ “እወ ንርእዮ ኣለና! እወ ንርእዮ ኣለና፡” በልወን ገሊኣቶም ብዓውታ፡ ገሊኣቶም ድምጾም ኣትሕት ኣቢሎም፡ ገሊኣቶም ድማ ብትሕቲ መልሓሶም ቀስ ኢሎም።

“ሕራይ እምበኣር እዚ...” ኢለን፡ መጀመርታ ነቲ ፍርይ ፍርይ ዝበለ ኣእማን ናብቲ ጥርሙዝ የእተወኦ’ሞ እታ ጥርሙዝ በቲ ፍርይ ፍርይ ዝበለ ኣእማን ምምላኣን ዘይምምላኣን ሓተተኦም። እቶም ተማሃሮ ድማ፡ እታ ጥርሙስ በቲ ፍርይ ፍርይ ዝበለ ኣእማን ክሳብ ኣፋ ከም ዝመልአት ነገሩ። ጸኒሐን ኣብ ርእሰ’ቲ ኣቐዲመን ዘእተወኦ ፍርይ ፍርይ ዝብል ኣእማን፡ ካልእ ካብኡ ቁሩብ ድቕቕ ድቕቕ ዝብል ጆያ ናብቲ ጥርሙዝ ገበራ። እቲ ዘእተወኦ ጆያ ድማ ብመንጎ እቲ ኣቐዲሙ ኣብቲ ጥርሙዝ ዝነበረ ኣእማን እናሰሎኸ ናብ ውሽጢ’ቲ ጥርሙዝ ኣተወ።

መምህር ጸሃይነሽ ነታ ጥርሙዝ ሓፍ ኣቢለን፡ “ሕጂኸ መሊኣ’ዶ?” ብምባል እታ ጥርሙዝ ምምላኣን ዘይምምላኣን ንኻልኣይ ግዜ ሓተታ። እቶም ተማሃሮ’ውን “መሊኣ እወ! መሊኣ እወ!” ብምባል ንምምላእ ናይታ ጥርሙዝ ንኻልኣይ ግዜ ተሰማምዑሉ።

ስርሐን ኣይወደኣን መምህር ጸሃይነሽ። ንሳልሳይ ግዜ ነቲ ኣብ ብያቲ ዝነበረ ድኹም ሓመድ ብኣጻብዕተን ፈይ ፈይ እናኣበላ ናብቲ ጥርሙስ የእተወኦ። እቲ ድኹም ሓመድ ድማ ብመንጎ’ቲ ኣቐዲሙ ዝኣተወ ኣእማንን ጆያን እናወረደ ናብ ውሽጢ’ቲ ጥርሙዝ ኣተወ። ንሳልሳይ ግዜ ድማ፡ “ሕጂ’ኸ እዛ ጥርሙስ መሊኣ’ዶ?” ክብላ ሓተታ። ንሳልሳይ ግዜ፡ “እወ መሊኣ! እወ መሊኣ!” ዝብል መልሲ ተማሃሮ ምስ ረኸባ ድማ፡ ከምዚ ብምባል ናብ መደምደምታ ናይቲ ሓሳበን ሰገራ።

“ሕራይ እምበኣር ፍትዋት ተማሃሮ! እዛ እትርእይዋ ዘለኹም ጥርሙዝ፡ ተምሳል ተማሃራይ እያ። እቲ ኣቐዲሙ ዘእተናዮ ዕብይ ዕብይ ዝበለ ኣእማን ድማ፡ ንተምሳል ናይቲ ንተማሃራይ ዘድልዮ ቀንዲ ቀንዲ ነገር ማለት፡ ናይ ህይወትካ ጥዕና፡ ወለድኻን ሕብረተሰብካን መምህራንካን ዝሕጎሱሉ ስነ-ስርዓት ዘለዎ ኣካይዳ፡ ምክትታል ትምህርቲ፡ ኣብ ትምህርትኻ ንኽትዕወት ዘኽእል ጻዕሪ እዩ ዘውክል። እቲ ጆያ እንተወሲድና ድማ፡ ተምሳል ናይቲ ንህይወትና መሰረታዊ ዘይኮነ ነገራት፡ ማለት ጽቡቕ ክዳን ምኽዳን፡ ጽቡቕ ምርጋጽ፡ ኣብ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ገዛ ምንባርን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራትን ጌርና ንውሰዶ።

እቲ ድኹም ሓመድ ድማ፡ ተማሃራይ ክንስኻ፡ ተማሃራይ ክዛወረሎም ኣብ ዘይግበኦ ናይ ሳዕስዒትን ሆይሆይታን ቦታታት እናኸድካ ግዜኻን ጥዕናኻን ምብኻን፡ ግዙእ ናይቶም ኣተሓሳስባኻ ዝብክሉ ወልፍታት፡ ፊልምታት፡ ደርፍታትን ጸወታታትን ምኳን ከም ዝውክለልና ጌርና ንረደኣዮ።

ስለዚ ንህይወትና፡ ቅድም ቀዳድም በቲ ከም ፍርይ ፍርይ ዝበለ ኣእማን ዝመሰልናዮ ኣገዳሲ ኣገዳሲ ነገራት እንተ ኣእቲናሉ ምሉእ ህይወት እዩ ዝኾነልና። ኣብ ዝደለናዮ ምስ በጻሓና ዳሓር፡ እቲ ተሪፉና እንብሎ ነገር ክንውስኸሉ እንተደለና እውን፡ ነቲ ክንውስኾ ዝደለና ነገር መወሰኺ ዝኸውን ዝኣክል ቦታ ኣለዎ። ነቲ ክንውስኾ እንደሊ ነገር ኣብቲ ዝደለናዮ እዋንን ዝጥዕመና ግዜን ክንውስኸሉ’ውን ዘጸግመና ኣይኮነን። ንህይወትና መጀመርታ ከምቲ ብሓመድ ዝመሰልናዮ ድኹም ነገራት እንተ መሊእናዮ ግን፡ ዳሓር ዕብይ ዕብይ ዝበለ ነገር ከነእትወሉ ዘኽእል ዕድል ኮነ ቦታ የብሉን፡” ብምባል እቲ ልሙድን ተማሃሮ ሃረር እናበሉ ዝጽበይዎን ማዕደኣን ዛዘማ።




**ሞራል**= ኣብቶም ዓበይቲ ነገራት ኣድሂብካን ንኣገደስቲ ነገራት ቀዳምነት ሂብካን ምስራሕ።



## መገዲ ማሳዋ

እዚ ጸድፊ ኣፍሪሑኒ፡
እዚ ጸድፊ ኣፍሪሑኒ!!
እዋይ ኣነ ባዕለይ!
መን ምሳኻ- ተበገስ በለኒ!?
ብፍላይ . . .
ኣብ ግዜ ምጥዋይ!
‘ሰልሃውሃው’ ይብለኒ፡
ስለ ዘሎ ልበይ!
በጃኻ ሴም ዓርከይ!
ቀስ ኢልካ ዘውራ፡
ቀስ ኢልካ ተጠወ፡
ጠፊኡኒ ውነይ!
---
ኣታ ሙሴ ዓርከይ፡
‘ታይ ኬንካ ትፈርሕ፡
ከም ድሌትና ንጉየ፡
ከም ድሌትና ንወንጨፍ።
ምናልባት ግን ክነግረካ፡
ከይንጸድፍ እንተኾይኑ፡
እቲ ቀንዲ ፍርሕኻ፡
ኣብ ግዜ ምጥዋይና፡
ልክዕ ከምዚ ናተይ፡
ዓምቶ ዓይንኻ።



ሞራል= እዚ ዝረኣንዮ ቈልዓ፡ ከሎ ገና ልቡ ስለ ዝዓመቱ’ዩ ኣብቲ ጸገም ምስ በጽሐ የዒንቱ ብምዕማት ካብቲ ጸድፊ ክድሕን ፈቲኑ። ሰብ ብልቡ ርእዩ ክብገስ እንተዘይክኢሉ፡ ኣብቲ ጸገም ምስ በጽሐ ይትረፍ’ዶ የዒንቱ ዓሚቱስ፡ ዋላ የዒንቱ ቈላሕላሕ እናበላ’ውን ክረኣዮ ዝኽእል መፍትሒ የብሉን።

ስለዝስ ከሎ ገና፡ ብልብና ርኢና፡ የዋጽኣና ድዩ ኣየዋጽኣናን ጽቡቕ ጌርና ናብ ዝሓሰብናሉ ነገር ንብገስ ምህላውና ርግጸኛታት ንኹን።

## ምኽሪ ሰንበት

ብሰሪ’ዶ ዋላስ ብሳላ!?

“ብሰሪ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ፡ ዕድለይ ተሰይሩ፡ ህይወተይ ተበላሽዩ- ትምህርተይ ተመዛቢሉ፡” ኢልካ ምምራር’ዶ ይሓይሽ?

ዋላስ፡ “ብሳላ ኩስቶ-ተርሞስሞስ ገዲፈ፡ መደባተይ ሰሪዐ፡ ንግዜይ ብግቡእ ተጠቒመ- ትምህርተይ ነፊዐ፡ ብኹሉ ስጉምትታተይ ኮሪዐ፡ ኣብ ጽቡቕ በጺሐ- ምስ ቀዳሞት ተሰሪዐ፡ ንባዕለይ ከቢረ፡ ንስድራይን ንህዝበይን ንሃገረይን ኣኹሪዐ?”

እስከ ንገሩኒ! ኣየናይ’ዩ ዝሓይሽ!? ብሰንኪ’ዶ ዋላስ ብሳላ!? ብጃኹም ቈልዑ! ነዛ ሕቶ ኣጸቢቕኩም ሕሰቡላ።

ካብቶም ‘ብሰሪ!’ ክብሉ’ኹም ዝኽእሉ መዛኑ እናረሓቕኩም፡ ናብቶም ‘ብሳላ!’ ጥራይ ዘብሉ’ኹም መዛኑ ብምቕራብ፡ ኣጸብቑ መጻኢ’ኹም።

ኣድራሻና፡
ሰንበት ምስ ቈልዑ
ፓ.ሳ.ቑ. - 1042
ኣስመራ

## ሕንቲሕቲኽ



ሓደ ተማሃራይ ኣብ ናይ ቁጽሪ ዕዮ- ገዛ ክሕግዞ ንዝደለዮ ኣቦኡ፥

“ባባ ባባ ኣብታ ሓንቲ ጁባኻ 50 ናቕፋ፡ ኣብታ ካልኣይቲ ጁባኻ ድማ 100 ናቕፋ እንተ ጸኒሑካ፡ ብጠቕላላ እንታይ ኣለካ ማለት’ዩ?”

ኣቦ= “ኣብ ስረይ ክንድኡ ዝኣክል ገንዘብ ጸኒሑኒ ስለ ዘይፈልጥ’ሲ፡ ብጠቕላላ ናይ ካልእ ሰብ ስረ’ዩ ዘለኒ ማለት’ዩ!”

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ



## ኣድባየር ንሞሪኖ ይጸርፍ

ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ርያል ማድሪድን ሃገራዊት ጋንታ ቶጎን ኣማኑኤል ኣድባየር ምስ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ሆዘየ ሞሪኖ ኣብ ናይ ቃላት ኩናት ተጸሚዱ። ኣድባየር ምስ ዝተፋላለያ ማዕከናት ዜና ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት “ ሞሪኖ ኣብ በርናቡ ንኹሉ ሰብ ቀቲልዎ'ዩ ኔሩ” ክብል'ዩ ዝዛረብ ዘሎ። እዚ ቶግት ኣጥቃዓይ ኣብ መቀየሪ ክፍሊ ማድሪድ ዋላ'ውን ክርስትያኖ ሮናልዶ ከይተረፈ ከም ዝተዘለፈ'ዩ ዝሕብር ዘሎ። ኣድባየር ኣብ 2010/2011 ብልቃሕ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ሞሪኖ ምስ ርያል ማድሪድ ከም ዝተጻወተ ዝፍለጥ'ዩ። ኣድባየር ምስቶም ጋዜጠኛታት ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት “ ሓደ እዋን ንዕረፍቲ ሰለስተ ብቦዶ መሪሕና ኣብ ዝወጸናሉ ሞሪኖ ናብ መቀየሪ ክፍሊ መጺኡ ፍርጅን ተለቪዥንን ክዝርምን ማይ ክድርብን ምስ ረአኹዎ ሰንቢደ” ክብል የዕለለ። ኣድባየር ብምቅጻል “ ሓደ እዋን ሮናልዶ ሃትሪክ ሰሪሑ ኣብ ዝተዓወትናሉ፡ ናብ ገጽ ሮናልዶ መጺኡ ንሰኻ ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም'ዩ ይብሉኻ ኣለው። እንታይ'ዩ ብሉጽንትካ ኣርእየኒ” ክብል ንሮናልዶ ከም ዝለፎ ገሊጹ። ኣድባየር እቲ ኣሰልጣኒ ኣብ ክንዲ ንሽሕ ጸብቅ ንሓንቲ ሕማቅ ኣልዒሉ ክዛረብ ከም ዝመርጽ'ዩ ዝሕብር። ማልያ ኣርሰናል ወድዩ'ውን ዝተጻወተ ኣድባየር ብዛዕባ ሮናልዶ ኣብ ዝተሓተተሉ “ሮናልዶ ኣብ ግዜ ልምምድ ከም ምስ ደቂ ዝጻወት ዘሎ ጌሩ'ዩ ዝጻወተና ኔሩ” ኢሉ። ሮናልዶ ኣብ ግዜ ልምምድ ኩዕሶ ብሕቁኡ ክቀብል፡ ኣብ ክሳዱ ኩዕሶ ደው ክብልን ፍሉይ ምቅባል ክዝርን ይውዕል ከም ዝነበረን'ዩ ኣድባየር ዝሕብር። ኣድባየር ካብ ማንቸስተር ሲቲ ናብ ርያል ማድሪድ ብልቃሕ ተሰጊሩሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ካብ 22 ጸወታታት ሸሞንተ ሹቶታት ከም ዘመዝገበ ኣይርሳዕን። ኣድባየር ኣቀዲሙ'ውን ማልያ ኣርሰናል፡ ክሪስታል ፓላስ፡ ቶተንሃምን ሞናኮን ከም ዝወደየ ይፍለጥ።

## መሲ ቅድሚ 20 ዓመት

ብሉጽ ተጻዋታይ ባርሰሎና ሰጳኛዊ ሊዮነል መሲ ምስ በዓልቲ ቤቱ ቅድሚ 20 ዓመት ዝተሳእሎ ስእሊ ተዘርጊሑ። እዚ ስእሊ መሲን በዓልቲ ቤቱ ኣንቶኔላ ሮኩዞን ኣብ 1998 እቲ ተጻዋታይ ወዲ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ'ዩ ተወሲዱ። ነዚ ስእሊ ዝዘርገሐት ላ ካፒታል ዝተባህለት ጋዜጣ ኣርጀንቲና'ያ። ብመሰረት ሓበሬታ'ዛ ጋዜጣ እዞም ክልተ ኣብኡታውያን ሰብ ሓዳር ሙኻናም ዝነገረሎም ፍሉጣት ሰባት ኣብ ግዜ በዓል ኣብ ፑንታ ሞንትስ ዝተባህለ ቦታ'ዮም ነዛ ስእሊ ወሲዶማ። ኣብቲ እዋን መሲ ባልካርሰ ኣብ ዝተባህለት ከተማ'ዩ ኣብ ናይ ህጻናት ጋንታ ዝጻወት ኔሩ። በዓልቲ ቤት ሊዮነል መሲ ዝኾነት ኣንቶኔላ ከኣ ምስዚ ተጻዋታይ ቅርበት'ኳ እንተነበራ ኣብቲ እዋንሲ መጻወትቲ መሲ ንዝነበረ ወዲ ሓወቦኣ ሉካስ ሳካሊያ ክትርኢ'ያ ምስ ስድረኣ ናብቲ ቦታ መጺኣ ኔራ። ስድራቤት ኣንቶኔላ ኣብ ግዜ በዓል ነቶም ህጻናት ተጻወትቲ ንምርኣይ ወትሩ ናብታ ከተማ ይመጹ ከም ዝነበሩን ጆርጅን ቺሊያን ዝተባህሉ ስድራ ሊዮነል መሲ ግን ሸሞንተ ሰዓት ብመኪና ተጓዒዞም ወዶም ክርእዩ ይጸግሙ ከም ዝነበሩን ጋዜጣ ላ ካፒታል ብተወሳኺ ሓቢራ። ሊዮነል መሲን ኣንቶኔላን ካብ ግዜ ቁልዕነቶም ኣትሒዞም የዕሩኽ ከም ዝነበሩ ዝገለጸ'ኳ እንተኾነ ኣብ ግዜ ቁልዕነቶም ብሓባር ዝተሳእልዎ ስእሊ ክርከብ ግን ኣጸጋሚ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ጋዜጣ ላ ካፒታል ነዛ ስእሊ ክትረኽብ ሰለስተ ዓመት ከም ዝወሰደላ'ዩ ዝሕብር። ጋዜጠኛ ላ ካፒታል ብሩና ሽርደኒ ነታ ስእሊ ንመሲ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ማቲያስ ፐቸ ከም ዝሰደደሉ'ዩ ሓቢሩ። መሲ ኣብ 1998 ወዲ 10 ዓመት ከሎ'ዩ ንኒወልስ ኦልድ ቦይስ ዝተባህለት ናይ ህጻናት ጋንታ ክጻወት ናብ ከተማ ሮሳርዮ መጺኡ። ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ነታ ጋንታ ዋንጫ'ኳ እንተወሰዳ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ ግን ብማስበርቲ ኣደ ካብ ጸወታ ክርሕቅ ተገዲዱ ኔሩ። መሲ ብ30 ሰነ 2017 ኣብዛ ከተማ መጺኡ ንኣንቶኔላ ከም ዝተመርዓዋ ይፍለጥ። እዞም ክልተ ሰብ ሓዳር ወዲ ሸዱሽተ ዓመት ቲያጎ ወዲ ሰለስተ ዓመት ማቲዮን ወዲ ሓደ ዓመት ሰርን ወላድ ኣለውዎም።

## ሳላሕ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ

ኣጥቃዓይ ኢንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል ግብጻዊ ሞ ሳላሕ ብሰሉስ ምሸት ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝተኻየደ ጸምባል መበል 100 ጋላ ታይም ከም ዝተሳተፈ ተፈሊጡ። ሳላሕ 72 ሰዓታት ቅድሚ ግጥም ሊቨርፑልን ሃድልስፊልድን ናብ ከተማ ኒውዮርክ ምኻዱ ገለ ገለ ደገፍቲ'ታ ጋንታ ቅሬታኦም ገሊጾም'ዮም። ሊቨርፑል ኣብ ወጣሪ ህሞት ፕሪመር ሊግ ዝ ወዲ 26 ዓመት ብሉጽ ኣጥቃዓያ ክገድሽ'ኳ እንተፍቀደትሉ ድኻም ከይሰምዖ ዘይሰገኣት ኣይነበረትን። እታ ጋንታ ሳላሕ ናብ ከተማ ኒውዮርክ በጺሑ ክሳብ ዝምለስ ብሰዓታት ኢንግሊዝ ንጥፈታቱ ከም ዘካይድ'ያ ጌራ። እቲ ተጻዋታይ ማሰተ ዘይለክፍ ብሙኻኑ'ውን ንሊቨርፑል ካልእ ዘሰክፍ ኩነታት'ዩ ኔሩ። ከምቲ ዝወጠኑዎ ከኣ ሳላሕ ናብ ከተማ ሊቨርፑል ድሕሪ ምምላሱ ጋንታኡ 5ብ0 ኣብ ዝተዓወተትሉ ጸወታ ክልተ ሹቶታት ኣብ ሰቢዓት ሃድልስፊልድ ኣቀሚጡ። ሳላሕ ብኣሜሪካዊት መጽሄት ዘ ታይም ሓደ ካብ 100 ጽልዋቲ ሰባት እዛ ፕላኔት ከም ዝተሰምየ ኣይርሳዕን። ሳላሕ ኣብቲ ናይ ሰሉስ ምሸት ጸምባል ምስ ተዋሳኢት ተኸታታሊት ፊልም ጌይም ኦፍ ትሮንስ ኤሚሊያ ክላርክ ዝኣመሰሉ ብርክት ዝበሉ ፍሉጣት ሰባት ከም ዝተሳእለ ይግለጽ። ሓደ ካብቶም ኣብ ገበር ናይታ መጽሄት ዝወጹ ሸዱሽተ ሰባት ዝኾነ ሳላሕ ብፍላይ ኣብ ማዕርነት ጾታ ብዘለዎ ኣጠማምታ'ዩ ምስዚም ጸልዋቲ ሰባት ሽሙ ክርቋሕ ክኢሉ ዘሎ። ሳላሕ ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት “ኣብ ባህልና ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዘለና ኣጠማምታ ክንቕይሮ ኣለና። ብወገይ ልዕሊ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝገብሮ ዝነበርኩ ንደቂ ኣንስትዮ ክሕግዘን'የ” ክብል'ዩ ተዛሪቡ። ሊቨርፑል ብዓርቢ ኣብ ልዕሊ ሃድልስፊልድ ብዘመዝገቦቶ ዓወት ንስቲ ብሓደ ጸወታን ብኽልተ ነጥብን በሊጻ መሪሕነት ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ክትሕዝ ክኢላ'ላ። ናይ ቀዳማይ ደረጃ ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ ኣብዚ ዓመት 29 ግዜ ክለዋወጥ ብምኽኣሉ ክብረወሰን ሐዚ'ሉ።


© Getty Images for TIME



**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት**

ደ/ቀ/ባሕሪ ምስ ዓንሰባ

ጋሽባርካ ምስ ደቡብ

ማእከል ምስ ሰ/ቀ/ባሕሪ

ካብ ሰዓት 13፡00 ጀሚሩ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**

ሌስተር ሲቲ - ኣርሰናል 2፡00

በርንለይ - ማን ሲቲ 4፡05

ማን ዩናይትድ - ቸልሲ 6፡30

**ላ' ሊጋ**

ቫለንስያ - ኤባር 1፡00

ጂሮና - ሰቪያ 3፡00

ሪያል ሶሴዳድ - ገታፈ 5፡15

ቪያሪያል - ሂስካ 7፡30

ራዮ ቫለካኖ - ሪያል ማድሪድ 9፡45

**ሰረ' ኣ**


ኪቮ - ፓርማ 4፡00

ሳምፕዶርያ - ላዝዮ 7፡00

ቶሪኖ - ሚላን 9፡30



## በንዘማ ንጓሉ ህያብ የበርክተላ



© Real Madrid/twitter

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ሰጳኛዊት ክለብ ርያል ማድሪድ ካሪም በንዘማ ዝሓለፈ ቀንያት ኣብ ልዕሊ ኣትሌቲኮ በልባው ሃትሪክ ድሕሪ ምስርሑ ንጓሉ ፍሉይ ህያብ ኣበርኪቱላ። በንዘማ ድሕሪ'ቲ ግጥም ነታ ሃትሪክ ብምስርሑ ዝተዋህቦ ኩዕሶ'ዩ ንደቂ ጋንታኡ ብምፍራም ንጓሉ ከም ህያብ ወፍዩላ። በንዘማ ነዚ ክገብር ዝኸኣለ ቅድሚ'ቲ ጸወታ ኣብ ዝነበረ መዓልቲ ነዛ ጓሉ ሃትሪክ ክሰርሕ ሙኻኑ ሓቢርዎ ብምንባሩ'ዩ። ኣብቲ ግጥም ከኣ እዚ ወዲ 31 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ማድሪድ ሙሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክትወስድ ዘኽኣላ ሰለስቲኣን ሹቶታት ባዕሉ ከመዝግበን ክኢሉ። እቲ ጸወታ ውድእ ኣብ ዝበለሉ ከኣ ንኹሎም ደቂ ጋንታኡ ኣብቲ ኣብታ ኩዕሶ ከም ዝፍርሙ ብምግባር ንጓሉ ሂብዋ። በንዘማ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ትዊተር ርያል ማድሪድ ኣብ ዝጸሓፎ ሓበሬታ “ ፈለማ ብዘመዝገብናዮ ዓወትን ብተን ዘመዝገብክወን ሹቶታትን ሕጉስ'የ። ትማሊ ንጓለይ ሃትሪክ ክሰርሕ ሙኻነይ ነጊረያ። ሎሚ ከኣ ሰሪሐ፡ እዛ ኩዕሶ ድማ ምስ ፊርማኣ ከም ህያብ የበርክተላ ኣለኹ” ኢሉ። ኣሰልጣኒ ርያል ማድሪድ ዚነዲን ዚዳን ብወገኑ ድሕሪ'ቲ ናይ ሰንበት ጸወታ ነቲ ተጻዋታይ “ ዝበለጸ ቁጽሪ 9 ዓለም” ክብል ገሊጽዎ'ዩ። ኣብ ሰጳኛ ኣብዚ ወቕቲ ብዝበዝሐ ሹቶታቱ ድሕሪ ሊዮነል መሲ ተሰሪዑ ዘሎ በንዘማ ንማድሪድ ንዘመዝገበን ዝሓለፉ ሸሞንተ ሹቶታት ባዕሉ'ዩ ኣመዝጊብወን።

## ነይማር ክሳራ'ዶ መኽሰብ

ብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ ነይማር እታ ጋንታ ንዘውጽኣትሉ መጠን ገንዘብ ዝዳርግ ኣስተዋጽኦ ከም ዘይገበረ መርበብ ሓበሬታ ጎል ኣፍሊጡ። ነይማር ቅድሚ ክልተ ዓመት ክብረወሰን መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ዓለም ብምስባር ብ222 ሚሊዮን ኤሮ ካብ ባርሰሎና ናብ ፒኤስጂ ከም ዝተሰጋገረ ዝፍለጥ'ዩ። “ ኣብ ዝመጽእ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ዓለም ፒኤስጂ ዝገበረቶ ወፍሪ ዕዉት'ዩ ኢላ ክትዛረብን ከም ኣብቲታዊት ጋንታ ክትረአ ከም ዘለዋ ከም ትሕብርን ርግጸኛ'ያ” ኣቦ መንበር ናይዛ ብቀጠራውያን ሰብ ርእሰ ማል እትውነን ፒኤስጂ ዝኾነ ናስር ኣል ኸላይፍ ቅድሚ ክልተ ዓመት ንጋዜጣ ቴሌግራፍ ዝሃቦ መግለጺ'ዩ ኔሩ። ፒኤስጂ ነዚ ተጻዋታይ ዝጥፈኦቶ ገንዘብ ክሳብ ሕጂ እቲ ዝለዓለ ኣብ ርእሲ ሙኻኑ ኣብቲ እዋን ልዕሊ ፍርቂ ዋጋ ናይ ዝኾነ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ'ዩ ኔሩ። ወሃንቲ ፒኤስጂ ንነይማር ክንደዚ ዝኣክል መጠን ገንዘብ ክስልዕሉ ዝኸኣሉ ኣብቲ እዋን እታ ጋንታ ኣብ ሊግ ኣ ፈረንሳ ክብራ ንምንካ የሕሊፋ ክትህባ ከላ ኣብ ቻምፕዮንስ ሊግ ከኣ ብባርሰሎና ክትሓፍር ሰለ ዝተገደደት'ዩ ኔሩ። ብፍላይ ኣብ ግጥም ኣውዳቕቓ ምሕላፍ ቻምፕዮንስ ሊግ ፒኤስጂ ኣብ ፓሪስ ንባርሳ 4ብ0 ስዒራታ'ኳ እንተነበረት ኣብ ባርሰሎና ግን ነይማር ኣብ መበል 88ን 91ን ደቃይቕ ክልተ ሹቶታት ኣብ ዘመዝገበሉ 6ብ1 ብምስዓራ ሕፍረት ተሰኪማ'ያ ናብ ዓዳ ተመሊሳ። ድሕሪዚ'ዩም እምበኣር እዞም ቀጠራውያን ሰብ ጸጋ ብዘይ ወዓል ሕደር ንነይማር ናብ ፓሪስ ከም ዝወሰዱ ዝገበሩ። ኣብዛ ጋንታ ምጣፕ'ዶ ነይማር ዝገበሮ ደብዛሕ ዝበለ ሕቶ ምስ ዝለዓል ግን እቲ ሓቂ ምጣፕ እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ'ያ መርበብ ሓበሬታ ጎል ትሕብር። ብሰንበት ሃትሪክ ድሕሪ ምስርሑ ፒኤስጂ ንኻልኣይ ዓመታ ጸዋእ ሊግ ኣ ፈረንሳ ከም ትዓትር ዝገበረ ምጣፕ ኣብ 27 ጸወታት 30 ሹቶታት ከመዝግብ ምኽኣሉ ኣብ ኤውሮጳ ብዝበዝሐ ሹቶታቱ ድሕሪ ሊዮነል መሲ'ዩ ተሰሪዑ ዘሎ። ነይማር ግን ብሰንኪ ተደጋጋሚ መስበርቲ ኣብዚ ወቕቲ 14 ጸወታታት ጥራይ'ዩ ተጻዊቱ ዘሎ። ነይማር ን17 ናይ ሊግ ኣ ፈረንሳ ጸወታታት ፒኤስጂ ብመስበርቲ ክኸሰርም ከሎ ኣብ ግጥም ቻምፕዮንስ ሊግ ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ'ውን ኣይነበረን። እቲ ዝገርም ዝሓለፈ ዓመት'ውን እንተኾነ ነይማር ልክዕ ከምዚ ናይ ሎሚ ዓመት ብሰንኪ መስበርቲ ንኣገደስቲ ጸወታታት ፒኤስጂ ከሲርዎ'ዩ። ዝሓለፈ ዓመት ዋላ'ኳ ፒኤስጂ ጸዋእ ሊግ ኣ ፈረንሳ ትውሰድ፡ ነይማር ግን 20 ጸወታታት ጥራይ'ዩ ተጻዊቱላ። ኣብ ቻምፕዮንስ ሊግ ብርያል ማድሪድ ኣብ ዝተገለፍሉ'ውን ኣብ ግጥም ካልኣይ እግሪ ከም ዘይነበረ ይዝከር። ብሓፈሻ ነይማር ካብ 105 ጸወታታት ፒኤስጂ ኣብ 50 ብመስበርቲ፡ መቕጻዕትን ዕረፍትን ከም ዘይተሰለፈ መዛግብቲ'ታ ጋንታ ይሕብሩ። ዋላ'ኳ ፒኤስጂ ንክልተ ዓመት ኣከታቲላ ዋንጫ ሊግ ኣ ፈረንሳ እንተወሰደት እዞም ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ሐዛ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዓወት ከተመዝግብ ዘይምኽኣላ ግን ከም ዕውትቲ ጋንታ ክጥቀስ ኣይትኽእልን'ያ ይብል መርበብ ሓበሬታ ጎል።



ቃለ - መሕትት

ኣማረሽ ጸጋይ

# ምስ ፍረወይኒ ኣርኣያ
# 'ምልክት' መትኒ ውድብ ህ.ግ እዩ ነይሩ!

***ፍረወይኒ ኣርኣያ፡ ኣብ 1962 ኣብ ከተማ ከረን ተወሊዳ። ንልዕሊ ሸድሽተ ዓመት ምስ ቦኽት ድማ ናብ ትምህርቲ ዓለም ተጸንበረ። ኣብ ከረን ክሳብ ሻሙናይ ክፍሊ ድሕሪ ምምሃር፡ ኣብ 14 ዓመት ዕድሚኣ ኣብ መወዳእታ 1977 ናብ ሜዳ ተሰሊፋ። ድሕሪ ናጽነት ትምህርታ ብምቕጻል - ብቐዳማይ ዲግሪ ብዓውዲ ታሪኽ ተመሪቓ።***



ኣባል ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ) ዝኾነት ፍረወይኒ ኣርኣያ፡ ናይ ሎሚ ጋሻና እያ።

***ከመይ እዩ ናብ ሜዳ ኣሰሊፉኺ?***

ኣብ ናይ 1977 ምሕራር ከተማታት ኤርትራ፡ ከረን እውን ከም ኩለን ከተማታት ሓራ ስለዝወጸት፡ ናይ ሻሙናይ ክፍሊ ትምህርተይ ወዲአ - ጀነራል ድሕሪ ምፍታኑ ምስ'ቲ ሽዑ ዝነበር ዝነበረ ልዑል ውዕብ መንእሰያት ተወዲበ ንሜዳ ወጺአ።

ኣብ 1978 ኣብ ብሌቓት ናይ ሹዱሹተ ወርሒ ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ታዕሊም ድሕሪ ምውሳድ፡ ናብ ክፍሊ ምልክት ተመዲበ። ጸኒሐ ኣብኡ ኣብ'ቲ ክፍሊ ብደረጃ ሓለም ጋንታ ሰሪሐ። ኣብ ካልኣይ ጉባኤ - ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትካላዊ ቅርጹ ለውጥታት ኣብ ዝገበረሉ፡ ክፍሊ ምልክት ሰለስተ ጨናፍር ከም ዝሓቑፍ ኮይኑ። ጨንፈር ረድዮ ርክብ፡ ጨንፈር ቴሌፎን፡ ጨንፈር ኣገልግሎት ፖስታ።

ካብ'ዚ ኣነ ናብ ክፍሊ ኣገልግሎት ፖስታ እየ ተመዲበ። ካብቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ምኩራት ተጋደልቲ ዘድሊ ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳም ድማ፡ ኣቶም ዝነበሩ ክፍልታት፡ ናይ ደጀን ቦታታት ብሓፈሻ ንኹለን ካብን ናብን ብደብዳብ ኣብ ምርኻብ ነጢፍና።

***ኣብ ሜዳ ኣገልግሎት ፖስታ ብኸመይ መገዲ እዩ ካብን ናብን ይበጽሕ ነይሩ?***

ምንቅስቓስ መካይን ብለይቲ ጥራይ ስለዝነበረ፡ ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ተባዚሉ ትሽዓተ ሞተር ሳይክላት መጺኡና። ብኣኣን ኣቢልና ድማ ኣገልግሎት ክንህብ ክኢልና። እቲ ማእከላይ ቦታና ዓምበርበብ ኮይኑ፡ ካብ'ዚ ናብ ወጀብ ናቕፋ. . . ናብ ኩሉ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ደጀን እውን ካብ ሂምቦል ናብ ዓራርብ፡ ካብ ሂምቦል ንዝሮ፡ ካብ ሂምቦል ንናቕፋ እናበልና፡ በዘን ሞቶታት ዘድሊ መልእኽትታትን ሰድራቤታውን ምሕዝነታውን ደብዳቤታትን ደቢጽሕ ነይሩ። እቲ ውድብ ዓቕሙ ብዘፍቀዶ ዳርጋ ንኹሉ መሓውር ናይ'ቲ ሰውራ ብደብዳብ የራኽቦ ነይሩ እዩ።

***መጀመርታ ተዓጣቒት ኮይንኪ ብሌቓት ኣብ ዝኣተኽሉ፡ እንታይ ተዘክሮ ኣሎኪ?***

ዘይትፈልጦ ታዕሊም፡ መነባብሮ፡ ጸዑቕ ወተሃደራዊ ትምህርቲ፡ ምስ'ቲ ዝነበረ ህንጡይነት፡ ክቱር ድልየት ተጋዳላይ ንምዃን ቅቡል'ዩ። ተቐቢለዮ። ምስ ሰድራኻ ጸኒሕካ ክትፍለ እቲ ክብደቱ ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ዝረኣየካ ግን ካልእ'ዩ። መዓስ እየ ተመዲበ ብረት ዓጢቐ ከም'ተን ቀዳሞት ተጋደልቲ ብዑተይ ዝኸውን ኢኻ ትብል።

ዘይርስዖ ኢጋጥሚ ግን ኣሎ። ብሌቓት ናታ መድረኽ ኣለዋ። ፈለማ ክንወጽእ እንከለና፡ ሰለስተ ለይቲ ኢና ካብ ከረን ተጓዒዝና። ሆ እናበልና ኣብ ሳልሰይቲ ለይቲ ብሌቓት ኣቲና። ንጸባሒቱ ገመል ተሓሪዱ መግቢ ናብተን ጋንታታት ተዓዲሉ። ገመል ተመሲሕና - ገመል በሊዕ። ኣማሪጺ የለን። ሰዓት ሓደ ድማ ናብ ዕንጸይቲ ክንወፍር ተኸሪና። ንብሌቓት ክትእቱ ከለኻ ንጹጋማይ ወገን ዘሎ ነዊሕን ጸዳፍን ጎቦ ካብኡ ኢኻ ዕንጸይቲ ተምጽእ።

እቲ ስጋ ይህውጸካ እዩ ጸምኢ ማይ ኣሎ። ንጻይ ሳልሰይቲ መዓልተይ እያ። ነተን ኣብኣት ማሰርዐይ እውን ብዙሕ ኣይተሳእኸውኖን። ኢልሳ ትብሃል ግን ነይራ - ድልድልቲ ንፍዕቲ ካብ ገጠር ዝመጸት። ዝተፈላለየ ዓይነት ዕንጸይቲ እዩ ዘሎ። ዕንጸይቲ ናይ ዓዳይ ኣገዩ ፈከስ ሕማቕ እዩ። ኢልሳ ነዚ ከይኣርዮ'ያ ትሕብረና። እዚ ሕማቕ እዩ ነዚ ከይትኣርያዮ፡ ኢላ ባዕላ ጸቢቐ ዕንጸይቲ ኣርያ ጠሚራ ኣሰኪማትና። ኑታ ጎቦ ግን ክወርዳ ኣሎና። ኩሉ ሰብ ጉዳፉና፡ መራሒ ማሰርዕና ነተን ኣቐዲመን ዝመጽኣ ሐዚኑ ወሪዱ። ኣነ ተረፊ። ኣብ ታሕቲ መራሒ ማሰርዐ፡ መሰርዐ እንተቖጸረ ጎደሎ ኮይኑዎ። ደጊሙ ቆጺሩ። ብድሕሬኡ ናብቲ ታባ ደየቡ እንተረኣዩ፡ ኣነ ምስ ዕንጸይተይ ገፊፍ ክበል ጸኒሐዮ። ነቲ ዕንጸይቲ ደርብዮ ኢሉኒ።

ህላወይ ዘገደሶ መራሒ ማሰርዐ ምስ መሰረዐይ ሓዊሱኒ። በዩኑይ ዕንጸይቲ ዘይብለይ ክሕወሰን ሕፍረት ተሰሚዑኒ። ንዝመጽእ ግዜ ግን ዓቢ ትምህርቲ ኮይኑኒ። መቐደሮ ነጣቢ እዩ። ብሌቓት - ጽንኩርነት፡ ኑበሰኻ ምኽኣል፡ ማዕርነት፡ ብጻይነት. . . ምሂራትና። ሓድጊ ብሌቓት እዚ እዩ።

***ኣብ ገድሊ፡ ስራሕ ምልክት ከመይ ትገልጽዮ?***

ስራሕ ምልክት ከመይ ይመስል ቅድሚ ምምላሰይ፡ ኣብ ልዕሌኹም (እንዳ ዜና) ነቒፈታ ኣሎኒ። ስራሕ ምልክት ክሳብ ሕጂ ኣይተገልጸን። ኣብ'ዚ 28 ዓመታት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ስርሓትኩም፡ ስራሕ ምልክት ከም'ቲ ዝግብኦ ኣይተሰነደን። ታሪኽ ከኣ ከም'ኡ ኣሉ ኣይኮነን እዩ - ቁላሕታ እንተደኣ ዘይገይርካሉ። ናብ ወለዶታት ክመሓለፍ ክሰኸድ ክኽእል ኣለዎ ብዝብል እዩ።

ኩሉ ክፍልታት ናይቲ ውድብ ሹቱ ኣበርክቶ ነይርዎ እዩ። እቲ ሓደ ብዘይ'ቲ ሓደ ክሰርፍ ኣይክእልን እዩ። ተዋጋኢ ሰራዊት ንብዩ ኣይክሳን ዘዋጋኤ። እዚ ርዱእ ነገር እዩ። ምልክት፡ መጓጓዝያ፡ ኣምዳድ፡ ሕክምና፡ እንዳ ሰንቂ እንዳ ኑዩዒ. . . ወዘተ ኩሉ ተጠቓሊሉ ብሓባር ብምዕያይ እዩ ዓወት ኣምጺኡ። ዝ ኩሉ ምስ'ቲ መሪሕነት ኮይኑ ዘወሃሀድ መንዩ እንተደኣ ኢልካ፡ እቲ ኣብ በረኽ ቦታ ኮይኑ - ካብ'ቲ ዝምልከቶ ኣካል ወሲዱ ናብ ኩለን ፋሕ ዘበላ፡ ካብ ኩለን ድማ ናብ ዝለዓለ ዘብጽሕ፡ ንኹለን ኣሃዱታት ዝጠምር ዝነበረ ምልክት እዩ። ምልክት መትኒ ናይ'ቲ ውድብ እዩ። ልክዕ ከም ስርዓተዝውረት ደም እዩ።

ኑቲ ስራሕ ልዕሊ ዝግዕቦ ከተዓብዮ ደልየ ኣይኮንኩን። ብዘይ ሓብሬታ ግን እንታይ ክትገብር ትኽእል። ኣብ ርእሲ እቲ ሃልኩ ጽልዋኡ ዕዙ እዩ ነይሩ።

***ናብ ናይ ትምህርቲ ሂወትኪ ንምለስ . . .?***

ድሕሪ ናጽነት፡ ትምህርተይ ንምቕጻል ኣብ ሻሙናይ እየ ጀሚረ። እንተ ረኣኽዎ ግን ኣገዩ ፈኺሱኒ። ግዜይ ከየቃጸል ብምባል ድማ ናብ ዓስራይ ክፍሊ ኣትየ። ምሸታዊ እናተማሃርኩ ክሳብ ዓስርተ ሓደ ቀጺለ።

ኣብ 1994 ማትሪክ ተፈተንኩ ክሓልፍ ኣይከኣልኩን። ካልኣይ ግዜ ተፈቲነ። ሕጂ እውን ዘሕልፍ ነጥቢ ኣይረኸብኩን። ናይ ትምህርቲ ሸውሃተይ ግን ኣይተኸልፈን - ኣብ ቦታኡ እዩ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ 2004 ብመንግስቲ ደረጃ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዝብል ፕሮግራም ምስ መጸ፡ መርመራ ገይረ መእተዊ ነጥቢ ድማ ረኺበ። ናብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ኣትየ። ከም ሸዓኡ ተሓጊሰ ኣይፈልጥን። ብሰርቲፍኬት ብስነ-ሕብረተሰብ ንሓደ ዓመት ተማሂረ። ጸቡቕ ነጥቢ ስለዝምጻእኩ ንዲፕሎማ ቀጺለ። ኣብ'ዚ እውን ኣይተደረትኩን ናብ ዲግሪ ቀጺለ። ብቐዳማይ ዲግሪ ድማ ብታሪኽ ኣብ 2007 ተመሪቐ።

ዝ ኩሉ ክበጽሕ ዘኽኣለኒ ክምስገኑ ዝግብኦም፡ ደገፍን ሞራልን ዝሃቡለይ ብዓልቤተይን ቦኽሪ ጓለይን እዮም። ዕድለኛ እየ፡ ጓለይ ኣዝያ በሊሕን ንፍዕትን እያ። ኣብ ምሕደራ ግዜ፡ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ፡ ብዙይ ምስልካይ ጉድኒ ኮይናትኒ። እቶም ካልኦት ክልተ ኣወዳት ደቀይ እውን ንዓዓት እዮም ናቶም ኣበርክቶ ነይርዎም እዩ። ብዓል-ቤተይ ብሰንኪ ወራር ወያነ ምሳና ኣይነበረን። ኣብቲ ዝመጽኣለን ግዜ ግን ተሰኪሙ ሞራልን ይህበና ነይሩ።

***ኣባል ሃኮሰኤ ኢኺ፡ ኣብ'ዚ ማሕበር እንታይ እዩ ተራኺ?***

ኣብ ቦርድ ዝምድናታት ዕዮ፡ ከም ዳኛ ኮይነ። ዚ ማሕበር ወኪለ እየ ዝሰርሕ። እዚ ቦርድ ዝምድናታት ዕዮ ዝበሃል፡ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ንዝመጽእ ናይ ስራሕ ክርክር፡ ዝረኣየሉ ናይ ዳኝነት ቦታ እዩ። ሓደ ናይ መንግስቲ ወኪል፡ ክልተ ካብ ኣሰራሕቲ፡ ክልተ ድማ ካብ ሃኮሰኤ እዮም። እቶም ክልተ ማዕረ ቁጽሪ ኣለና። ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን። እቲ ሓደ ግን ናይ መንግስቲ እዩ።


እዚ ናይ መንግስቲ፡ ነቲ ሚዛን ኣብ ሞንጎ ክልተ ዘሎ ንምሕላው፡ መንግስቲ ልዕሊ ኩሉ ስለዝኾነ፡ ከም ወኪል ናይ መንግስቲ ኮይኑ ምስና ይኸውን። ሚዛን ክልቲኡ ድማ ይሕሉ።

***ሃኮሰኤ ተፈላጥነቱ ክሳብ ክንደይ እዩ ኣብ'ዚ ሃገር?***

ታሪኽ ከም ዝምስክሮ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት ናይ ነዊሕ ዓመታት ተፈላጥነት ዘለዎ ማሕበር እዩ። ካብ 1952 ብጀኣል ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም እናተመርሐ፡ ብዓለምለኸ ደረጃ (International level of organization) ተፈላጥነት ዘለዎ እዩ። ኣብ ታሕሳስ 1952 ሕጋውነቱ ኣብ ዓለም ዘረጋገጸ እዩ። ምናልባት ካብኡ ንደሓር ምስ'ቲ ዝነበረ ምግዛእታዊ ጸቕጢ ክብን ስጠቕን እናበለ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ። ምስ ናጽነት ግን፡ ውዳቤታቱ ኣሐይሉ ኣብ ኩለን ትካላት ዝጥፍፍ ንሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ዝጥበቕ ማሕበር እዩ።

ታሪኽ ኤርትራዊ ሃገራውነት፡ ምስ ታሪኽ ሰራሕተኛታት ኤርትራ እዩ ዝተኣሳሰር። ሓንቲ ሰድራ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ እያ እንተድኣ ኢልና፡ ካብታ ሰድራ ድማ እንተወሓደ ሓደ ሰብ ሰራሕተኛ እዩ። ስለ'ዚ ተፈላጥነቱ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰድራ ልዑል'ዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ ማሕበር ኣብ ቁጠባዊ ኣበርክቶ እዛ ሃገር ዓቢ እጃም እዩ ዘለዎ። ንማሕበር ሰራሕተኛታት ዘይፈልጥ ዜጋ ኣሎ ኢለ ኣይገምትን።





| | | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 28/4/2019 | ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ካምፖ ቦሎ | 124151 |
| ፋርማሲ ሓማሴን | 28/4/2019 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሴዳው | 120205 |
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 28/4/2019 | ጎደና ስጋሌት ቀጣን ቁ.6፡ (ሺያ ጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565